[Tigrinja]

# ኣገዳሲ ሓበሬታ ብዛዕባ ቫይረስ ኮረና

ቫይረስ ኮረና ኣብ ምሉእ ሉድቪካ ኣሎ። ስለ'ዚ ነዚ መልከፍቲ ካብ ምልባዕ ንምቕናስ ኩላትና ግድን ክንተሓጋገዝ ኣለና። እቶም ቀንዲ ተነቀፍቲ ሰባት ዕድሜኦም ልዕሊ 70 ዝኾኑን ገለ ሕማም ዘለዎምን ስለ ዝኾነ፡ ተጠንቂቕና ክንከላኸለሎም ኣለና። ኩሉ ነባሪ ቦርሌንገ ዝኾነ - ወላ ንስኻ ጌበዝን ምሉእ ጥዕና ዘለካን ካብ መልከፍቲ ዝኾነ ይኹን ፍርሒ ዘይብልካ - ሓልዮት ከተርእዩ ንሓተኩም። ሓቢርና ነዚ መልከፍቲ ከይላባዕ ክንድርቶ ንኽእል ኢና።



## እንተ ሓሚምካ ኣይትውጻእ ኣብ ገዛ ኹን

እንተ ሓሚምካ፡ ወላ ንኡሽተይ ምልክት ሕማም ይሃልኻ፡ ከይወጻኻ ኣብ ገዛ ኹን። ንደቅኻ'ውን ይምልከቶም እዩ።



## ኣብ እንዳ ሽማግለን ሕሙማት ሰባትን ኣይትኺድ (ኣይትብጸሓዮም)

ኣረጋውያንን ገለ ሓዳሪ ሕማም ዘለዎም ሰባትን ተነቀፍቲ(ተኣፈፍቲ) እዮም። ኣብ'ዚ ዘለናዮ እዋን፡ ኬድካ ኣይትብጸሓዮም(ኣይትኺዶም)።
ብኻልእ መንገዲ ግን ክትደሃዮም ትኽእል ኢኻ።



## ካብ ካልኦት ሰባት ፍንትት(ርሒቕ) ክትብል ከም ዘለካ ኣይትረስዕ

ካብ ካልኦት ሰባት እንተ ወሓደ ክልተ ሜትሮ ርሒቕ በል። ምሳኻ ምስ ዘይነብር  ሰብ ካብ ምትሑቛቛፍ ተቖጠብ። ኣብ ጂም፡ ኣብ እንዳ ዱኳን፡ ኣብ ኣውቶቡስ ወይ ካልእ ሰብ ዝበጽሖ ቦታታት ክትኸይድ ከለኻ ምፍንታት ክህሉ ከም ዘለዎ ኣይትዘንግዕ።



## ክትስዕል ወይ ክትህንጥስ ከለኻ ኣብ ናይ ቅድሚት ኲርናእ ኢድካ ይኹን።

ብምስዓልን ምህንጣስን ጥራሕ ሰብ ክትለክፍ ትኽእል ኢኻ። ስለ'ዚ ኣብ ቅድሚት ኲርናዕ ኢድካ ብምስዓልን ብምህንጣስን ካልኦት ካብ ምልካፍ ተኸላኸል።



## ኣእዳውካ ደጋጊምካ ብዙሕ ሳዕ ተሓጸቦ

መዓልቲ መዓልቲ ኣእዳውካ ደጋጊምካ ብዙሕ ግዜ ተሓጸቦ - ብፍላይ ብዙሕ ሰብ ኣብ ዘለዎ ቦታታት ገለ ነገር ምስ ትሕዝ ወይ ትትንክፍ። ክትሕጸብ ከለኻ ኩሉ ሳዕ፡ ብሳምናን ርርረርተብማይን ብዉሕዱ ን20 ካልኢት(ሰከንድ) ክትገብሮ ኣለካ።።



## ካብ ዘየድልዩ መገሻታት ተቖጠብ

ኣብ መላእ ሃገር ዘሎ ብዝሒ መልከፍቲ ይፈላለ'ዩ። መገሻ፡ መልከፍቲ ንኽዝርጋሕ ወይ ነብስኻ ንኽትልከፍ ዘሎ ሓደጋታት ክብ የብሎ። ስለ'ዚ ግድን ምስ ዝኸውን ጥራይ ግሽ።

## ጨረታ ምዕዳግ

ምዕዳግ ዘባዊ ቦታ። ጨረታን ምልኣኽን ።  ርከበና ቤት መሸታ  ኡኒክ ሉድቪካ =ምዕዳግ ጨረታ።በዚ ተለፍን
0240-867 50,  ሰዓት  9-16 ።

ስክፍታታት/ሕቶታት 113 13 · ሕማም: 1177 · ህጹጽ ሕማም: 112
**krisinformation.se • folkhalsomyndigheten.se**
ንኡስ-ዞባ ሉድቪካ 0240-860 00 • **ludvika.se/corona • info@ludvika.se**

LUDVIKA KOMMUN